ትንሣኤ ክርስቶስን ደቂ ኣንስትዮን!

**“በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ናይ ሰሙን (ሰንበት) ንግሆ ምስ ተንሥአ፥**

**ነታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዘውፅኣላ ማርያም መግደላዊት ቅድም ተራእያ።”ወንጌል ማርቆስ 16:9**

ሎሚ ኣብዚ ፍሉይ ናይ ትንሣኤ በዓል ናብ ደቂ ኣንስትዮ ዘቕነዐ ብስራት ሒዝና ኢና ቀሪብና ዘለና።ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ናይ’ዚ ዓመት’ዚ ንሞራላዊ፥ኤቲካዊን ሕይወት ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ንምህናጽን ክብ ንምባልን ዚተጀመረ ሰፊሕ መደብ፥ንሎሚ ምስ ተኣምራታዊ ትንሣኤ ክርስቶስ ዚተኣሳሰር ኲልና ብሓፈሻ፥ቤተ ክርስትያን ከኣ ብፍላይ፥ዘየቕለበትሉ ብዛዕባ እቲ ክቱር ፍቕሪ ናይ ማርያም መግደላዊት ንክርስቶስ ኪንድህስስ ኢና።

**ቅድሚኡ ግና ንኹልኹም ምእመናን፥ብፍላይ ከኣ ንደቂ ኣንስትዮ “ርሑስ በዓል ትንሳኤ”ብምባል ትስፍው  መጻኢ ንምነ!!!**

ኣብ ቀረባ እዋን ዚተረኽበ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ከም ዘረጋግጾ፥ሎሚ ወዲ ሰብ ካብ ካልእ ኩሉ ስግኣታት ብዝያዳ፥ኣብ እኩብ ሕዝቢ መደረ ብምቕራብን [Public Speaking]፥ብሞትን ዚብሉ ኽልተ ነገራት ይፈርህ።ኣብ ዓይነታት ሞት ማለት ስጋዊ፥መንፈሳዊን ዘልኣለማዊ/ካልኣይ ሞትን ዚብል ዚርዝር ከይኣተና፥ሞት ብዚብል ቃል ንገዛእ ርእሱ ዘይፈርህ ኣካል ዘሎ ኣይመስለናን።ዚተማህረ ኣካል ይኹን ተራ ሰብ ኩሉ ብማዕረ በዚ ኣረእስቲ’ዚ ኪርዕድን ኪፈርህን ምዕዛብ ንቡር እዩ።እዚ ኣርስቲ’ዚ ግን ኣብቲ ሞትን ሲኦልን ኣጽኒዑ ኪሕዞ ዘይከኣለ ብርቱዕ ክርስቶስን ኣብቶም ብስሙ ዚኣመኑን ንቡር ኣይኮነን፥ኣይፈርሁንዮም።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሓሳብ ናይታ ብፍቕሪ ክርስቶስ ታሪኽ ሕይወታ ፍጹም ዚተቐየረ ማርያም መግደላዊት ዚገልጽ ሓሳብ እዩ።ካብ ኣፈ ታሪኽ ኣጺቡቑ ዚረሓቐ፥ካብቲ ዘይልወጥ እሙን ቅዱስ ጽሑፍ ዚተወስደ ሓሳብ ከኣ እዩ።ስለምንታይ ግና ጎይታናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፥እቲ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ከም ኣዝዩ ኣገራምን ፍሉይን ንዘልኣለም ከኣ እናተዘከረ ዚነብርን ፍጻመ፥ብስራት ትንሣኤኡ፥ቅድም ነታ ኣመንዝራን ሓጥያተኛን ዚነበረት ማርያም መግደላዊት ኪነግር ፈተዩ፧ ስለምንታይከ እዚ ብስራት’ዚ ነቶም ብምኽንያት ሕሉፍ ሓጥያታን ጌጋኣን እናኾነኑ፥ንሕና ጥራይ ኢና ደቂ ኣብርሃም ብምባል ከኣ ዚምክሑ ንዚነበሩ ናይ ሕጊ ምሁራትን ናይ ክህነት ኣገልገልቲን ቅድም ቀዳድም ኪንገር ዘይተደልየ፧ ስለምንታይከ ድሕሪ ኽልተ ሽሕ ዓመታት ሎሚ ናይ ሃይማኖት መማህራንና፥ “ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ናይ ክርስቶስ ናይ ትንሣኤ ብስራት ንሕዝቢ ኪነግራን ኣብ መድረኽ ደው ኢለን ተሞክሮአን ከካፍላን ኣይፍቀድን ኢዩ፥”ብምባል ኪምህሩና ጸኒሖም፧

እቲ መልሲ እምበኣር ሓጺርን ብሩህን እዩ።ኣምላኽ ናይ ልቢ ዚርኢ መሓሪ ኪኸውን እንከሎ፥ሰባት ግን ደጋዊ እምበር ውሽጣዊ ኪፍሊ ኪጥምቱ ዘይኽእሉ፣ንፍርዲ ህውኻትን ስምዒታውያንን ስለዚኾኑ ጥራይ እዩ።ንምኳኑ እዚ ሎሚ ዘሎ ናይ ቤተ ክርስትያንና ስርዓት፥ምስቲ ክርስቶስ ንሃዋርያትን ንኹሉን ብስራት ኪትነግር ቅድሚ ክልተ ሽሕ ዓመታት ንማርያም መግደላዊት ዚሃባ ሓላፍነት ዚጋጮዶ ኣይኮነን፧ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ኣብ መድርኽ ቀይመን ተመኩሮአን እንተካፈላኽ እንታይ ጸገም ኣለዎ፧እዚ ስርዓትን ምምሓዳርን’ዚ እምበኣር ንምዕባለ ኤርትራ ሃገርና ኣዝዩ ዓንቃፊ ኮይኑ ከም ዚጸንሐን ዘሎን ንኹሉ ሰብ ናይ ኣደባባይ ሚስጥር ኮይኑ ንርእዮ ኣለና።ቤተ-ክርስትያን ነቲ መሠረት እምነት ክርስትና ዚኾነ ትኹል ቃል፣መጽሓፍ ቅዱስ ዘመናዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብደረጃ ስነ-መለኮት [Theology] ምእንቲ ኪመሃርዎ፥ከጽንዕዎን ክምርምርዎን ንምእመናን ከተታባብዕ ኣይጸንሐትን።እኳ ድኣ ብኣንጻሩ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይምርመርን’ዩ ብምባል፥ግጉይ ትምህርቲ እያ ከተመሓላልፍ ጸኒሓ።ይኹን እምበር፥መጽሓፍ ቅዱስ ከነንብቦ ጥራይ ዘይኮነስ ኪንምርምሮን ከነስተንትኖን ከም ዘለና ኣብ ብዙሕ ስፍራታት ብንጹር ሰፊሩ’ሎ።ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዚተጠቕሰ ይኹን ካልእ ዘይተጠቕሰ ኣዝዩ ብዙሕ ጌጋታት ጠንቂ እምበኣር፥ናይ ኣምላኽ ፍቓድ ኮይኑ ዘይኮነስ ናይ ሃይማኖት መማህራንና ናይ ምሕደራን ዓቕምን ጸገም እዩ።ስለዚ እምበኣር ሃገራት ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብዚ ዘለውኦ ድኽነትን ስእነትን ተላቒቐን ንቕድሚት ኪስጉማ እንተኾይነን፥ንወንጌል ኣብ ክንዲ ከም ተወሳኺ  ምጥቃም፥ከም ቀንድን መሰረታዊን መለለዩ እምነት ክርስትናኣን ኪወስድኦ ይግባእ ንብል።

ደጊምና ርሑስ ብዓል ትንሣኤ።ሰላም ቅነ!!!

ዲያቆን ኢያሱ (ኦባማ)(Please visit http://www.ozovoh.org/ or Contact (E) ozjsfamily@gmail.com (M) 0401939247)